ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية - حيدرى
الهيئة التنفيذية

***ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT – HIDRI***

# ኣብ ከተማ ጎቲንገን ሃገረ ጀርመን ዝተቓንዐ ኣኼባ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ-ሕድሪ (ግሃድኤ-ሕድሪ)፡

ግሃድኤ-ሕድሪ ኣብ መወዳእታ 2017 2ይ ውድባዊ ጉባኤኡ ምስ ኣጠናቐቐ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍለ-ዓለማት ማለት ኣብ ኣወስትራልያ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ካናዳን፡ ኣውሮጳ፡ ኣብ ኣፍሪቓ ድማ ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ንዝርከቡ ኣባላቱ ቀጻሊ ኣኼባታትን ጎስጓሳትን ከካይድ ጸኒሑን የካይድ ኣሎን፡፡ እዚ ዝተዋደደ ንጥፈታትን መደብን ውድብ ኣብ ኩሉ ቦታታት ብዝርከቡ ኣባላት መሪሕነት ግሃድኤ-ሕድሪ ተማእኪሉ ኣብ ኣገደስትን እዋናውን ዛዕባታት ኮምኡውን ውሽጣዊ ውድባዊ ኣካይዳን ግልጽነትን ተሓታትነትን ጽፉፍ ኣሰራርሓን ማእከል ዝገበረ ከምዝኾነ፡ ኮምኡውን ምስኩሎም ደለይቲ ፍትሒ ብሓባር ብምርድዳእ ኩሉ ዓቕምታት ብምውዳድ ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ክውዕል ምግባር ዋዓል-ሕደር ዘድልዮ ጉዳይ ከምዘይኮነ፡ እዚ ከኣ ኩነታት ህዝብን ሃገርን ኣብ ምልክት ሕቶ ወዲቑ ከምዘሎ ንኩሉ ብሃገሩ ዝግደስ ዜጋ ብጭብጥታት ዝተደገፈ መርትዖታት ብምቕራብ ቀጻሊ ዝርዝራዊ መብርህታት ይወሃብ ከምዘሎ ካብቶም ዝተጠቐሱ ከባብታት ዝበጽሓና ዘሎ ጸብጻባት ይሕብር፡፡



ናይቲ ዝካየድ ዘሎ ውድባዊ ንጥፈታት ኣብነትን መርኣያን ዝኾነ ብዕለት 28-04-2018 ኣብ ሃገረ ጀርመን ከተማ ጎቲንገን ብኣባል ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ-ሕድሪ ብ/ገብረኪዳን ገብረዝጊ ዝተማእከለን ካልኦት ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ-ሕድሪ ዝተረኽብሉን ሰፊሕ ናይ ኣባላት ኣኼባ ከምዝተኻየደን ኣገደስትን ዓበይትን መብርህታት ከምዝተዋህበን ካብቲ ውዕሎ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ፡፡

እቲ ዜናዊ ጸብጻብ ወሲኹ ከምዝሓበሮ ግሃድኤ-ሕድሪ ከም ውድብ ብሓፈሻ ደምበ ፍትሒ ብሓባር ንኽሰርሕ ዝዓለመ ንጥፈታቱ ቀጻሊ ክኸውን ከሎ ብፍላይ ከኣ ብዛዕባ እቲ ናይ ኣርባዕተ (4) ውድባት ኣብ ወርሒ ለካቲት 2018 ዝቖመ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር (ኤሃግ)ን እቲ ግንባር ክሰርሓሉ ኢሉ ኣውጺእዎ ዘሎ ናይ ስራሕ መደባትን ምቛም ትካላትን ብዝምልከት ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ከምዝተዋህበ፡ እተን ነቲ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር (ኤሃግ) ኣቐኑመን ዘለዋ ውድባት ከኣ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ዲምሓኩኤ)፡ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ)፡ ስምረት ምንቅስቃስ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር ከምኡ'ውን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ ምዃነን ከምዝተሓበረ ተገሊጹ።





ተሳተፍቲ ኣኼባ ግሃድኤ-ሕድሪ

ኣብ መደምደምታ ተሳተፍቲ ኣኼባ ብሸነኾም ዝነበሮም ሕቶታትን ርእይቶታትን ብዛዕባ ኣካይዳን ኣሰራርሓን ውድብ ግሃድኤ-ሕድሪ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ምስ ካልኦት ውድባት ሓቢርካ ምስራሕ ዝምልከቱ ሕቶታት ከምዘቕረቡ፡ ንሕቶታቶም ድማ ዘዕግብ መልሲ ምስ ተዋህበ፡ ካብ ተሳተፍቲ ብዙሓት ሃነጽቲ ሓሳባትን ንመጻኢ ጠመተ ክግበረሎም ዝግብኦ ጉዳያት ኣመልኪቶም ለበዋታቶም ከምዘቕረቡን ኮምኡውን እቲ ናይ ሓባር ግንባር (ኤሃግ) ብዕቱብ ክስርሓሉ ከምዝግባእ ኣትሪሮም ከምዘስመርሉን እቲ ዝበጽሓና ጸብጻብ ወሲኹ ሓቢሩ፡፡



ክፋል ኣኼበኛታት

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!!

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ-ሕድሪ

04-05-2018